KANTON AARGAU

hallo — aargau.ch

# ገንዘብን ግብሪን/ቀረጽን

**ናይ ባንኪ ሕሳብ / ምኽፋል ሓስብ**

**ግብሪ / ቀረጽ**

**ዕዳ**

**ብውሑድ ገንዘብ ምንባር**

# ናይ ባንኪ ሕሳብ / ምኽፋል ሓስብ

**ደሞዝ ዝኽፈልን ናይ ዝተፈላለዩ ሕሳባት ክፍሊት ክገብር ዝደሊን: ናይ ባንኪ ወይ ናይ ፖስት ሕሳብ ክህልዎ ይግባእ። ንምግዛእ ዝተፈላለዩ ነገራት ናይ ዕዳን ለቓሕን ካርድታት ብብዝሒ ይዝውተሩ።**

## ናይ ባንኪ ሕሳብ

ኣብ ስዊስ ዝነብር ሰብ ዳርጋ ኩሉ ናይ ባንኪ ሕሳብ/ኣካውንት ኣለዎ። ንሰራሕተኛታት ደሞዞም ከም ሕጊ መሰረት ብልምዲ ኣብ ናይ ባንኪ ሕሳቦም/ኣካውንቶም ይመሓላለፈሎም።ብዙሓት ባንኪታትን ናይ ፖስታ ባንኪን ናይ ሕሳብ/ኣካውንት ንውልቀ ሰባት ይህባ። መኽፈቲ ናይ ባንኪ ሕሳብ ከም ልሙድ ብዘይ ክፍሊት ብነጻ ይግበር። ኣብዚ ግን ዝተፈላለዩ ክራይ ግብሪ/ቀረጽ ኣብ ክፍሊት ይኣትዉ። ኣብዚ ግብሪ/ቀረጽ ወይ ናይ ክራይ ክፍሊት: ወለድ ናይ ምህደራ ስራሕ እናተባህለ ዝግበር ክፍሊት: ከከም ባንኪ ክበዝሕ ወይ ክውሕድ ስለዝኽእል: ኣየናይ ከምዝበልጽ ምውድዳር የድሊ። ሓደ ናይ ባንኪ ሕሳብ ንምኽፋት: መንበሪ ፍቓድ ወረቐት ወይ ናይ መንነት ወረቐት የድልዮ።

## ናይ ለቓሕ / ናይ ዕዳ ካርድታት

ሕኣደ ናይ ባንኪ ሕሳብ ዘለዎ ሰብ: ከም ሕጊ ናይ ሕሳብ ቁጽሪ ካርድ ይወሃቦ። እዚ ገንዘብ ንከውጽእ ይቀመሉ። እዚ ኣብቲ ናቱ ባንኪ ሕሳብ ዘለዎ ጥራይ ይሰርሕ። ባንኪታት ወይ ናይ ፖስታ ባንኪ ግን ሓደ ናይ ዕዳ ካርድ ( ንእብነት ከም ማየስትሮ) ይህቡ። በዚ ዋና ናይ ባንኪ ሕሳብ ኣብ ዝተፈላለየ ባንኪ ወይ ሃገራት እንተከይዱ ክኸፍል ይኽእል። ከከም ዓይነት ናይ ባንኪ ሕሳብ: ዝግበር ግብሪ/ቀረጽ ክፍሊት ይፈላለ። ናይ ለቓሕ ባንኪ ካርድ ካብ ዝተፈላለዩ ባንኪታት ክሕተት ይከእል። ናይ ምሕደራን ናይ ክራይ ክፍሊት ብዙሕ ይፈላለ። ብዚ ናይ ዕዳ/ለኞሕ ካርድ ምኽፋል ብተዛማዲ ብዙሕ ይዝውተር።

## ናይ ቢል / ክፍሊት ወጻኢታት ምኽፋል

ንትረኽቦም ኣገልግሎታት ዝለእኽ ቢል/ መኽፈሊ ሕሳብ: ከም ልሙድ ብሕጊ ብመኽፈሊ ወረቐት ብፖስታ ይለኣኹ። ነዚኦም ንምኽፋል ሰለስተ ትኽእሎታት ኣለዉ።

- ኢ ባንኪን: ኣዝዩ ዝውቱር ብኢንተርነት ዝኸፈልን ርጉጽ/ውሑስ ኢዩ።
- ኣብ መኽፈሊ ቦታ ናይ ፖስት: እዚ ብመኽፈሊ ወረቐት ገጹ ሰብ ኣብ ፖስት ቤትጽሕፈት ብጥረ ገንዘብ ይኸፍል። ናይ ፖስታ ናይ ባንኪ ሕሳብ ዘለዎ ሰብ: ክፍሊት ብቐጥታ ካብ ናይ ፖስታ ባንኪ ሕሳቡ ክኸፍል ይኽእል። ናይ ባንኪ ዓማዊል ዝኾኑ ሰባት: ዝኽፈል ሕሳቦም ኣብ መኽፈሊ ቦታ ናይቲ ባንኪ ክትግብርዎ ይከእል።
- ብፖስታ: ናይ ምኽፋል ውዕል ብ ደብዳቤ ኣብቲ ባንኪ ወረቐት ብምልኣኽ ክትግበር ይከኣል። ነዚ ዝምልከት ሓበሬታ እቲ ባንኪ ወይ ፖስት ይሕብር። ናይ ኣክፋፍላ ኣገባብ: እንደገና ንዝተመልሱ ናይ ክፍሊት ወረቐት/ ቢል ባንኪ ወይ ፖስት ይሕብር።
- ናይ መጨረሽታ ጽሑፍ ኣገባብ ውዕል (LSV) ኣዝዩ ምቹእ ኣገባብ ኣከፋፍላ ብቐጥታ ካን ናይ ባንኪ ሕሳብ: ኣቲ ቢል ከምዝኽፈል ዝገብር ኢዩ። ነዚ ዝምልከት ሓበሬታ እቲ ዝኽፈል ወይ ባንኪ/ፖስታ ይሕብር።
- እቲ ዝኽፈል ዋጋ ኩሉ ግዜ ሓደ ዓይነት እንተኮይኑ: ንኣብነት ክራይ ገዛ: ኣብ ባንኪ ወይ ፖስት ሓደ ንነዊሕ ግዜ ዝጸንሕ ውዕል ክፍሊት (Dauerauftrag) ንምስግጋር/ምኽፋል ይግበር።

ናይ ክፍሊት ወረቐት /ቢል : ኩሉ ግዜ ዝኽፈለሉ ግዜ ዝተወስነ ኢዩ።ኣብዚ ዝተወሰነ ግዜ እቲ ሕሳብ ምስዘይክፈል: ሓደ ናይ ዕዳ መዝገብ ኣብ ጸሊም ሊስታ: ክግበር ይከእል።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hello-aargau.ch/ti/money-and-taxes/accounts--transactions

# ግብሪ / ቀረጽ

መጠን ክፍሊት ግብሪ ኣብ ኩነታት እትነብረሉ ምምሕዳር ከባቢ ይምርኮስ። እተን ቀንዲ ካብ ውልቀ ሰባት ዝሕተታ ክፍሊት ግብሪ/ቀረጽ: ደሞዝ:ዋኒነ ንብረትን ካብ ነብሲ ወከፍ ሽያጥ ዝለዓል ቀረጽ እዮም።

## ኣገባብ / ሜላ ኣከፋፍላ ግብሪ / ቀረጽ

ኣብ ስዊስ ቀረጽ ንመንግስቲ: ካንቶን: ምምሕዳር ከባቢን ንናይ ሃገር ቤተ-ክርስትያናትን ይኽፈል። እዚ ከኣ ቀጥታዊን ተይቀጥታዊን ተባሂሉ ኣብ ክልተ ይምቀል። እተን ቀንዲ ኣገደስቲ ቀጥታዊ ግብሪ/ቀረጽ: ደሞዝን ዋኒነ ንብረት/ትካል ኮይነን: ብቀጥታ ካብቲ ቀረጽ ክኸፍል ዘለዎ ሰብ ይቕረጽ። ዘይቀጥታዊ ቀረጽ ዝበሃሉ ካብ ሽያጥ ንብረት ከም ሽያጥ ትምባኾ: ሽያጥ ነዳዲ ዝኣመሰሉ እዮም። ኣዚ ቀረጽዚ ኣብቲ ዝሸየጥ ንብረት ይርከቡ። ንብዙሓት ናይ ቀረጽ ዓይነታት ካንቶንን ምምሕዳር ከባቢን ሓላፍነት ስለዝሕዝዎም: መጠኖም ካብ ምምሕዳር ከባቢ ናብ ከባቢ ይፈላለዩ። መጻምድቲ ሰብ ሓዳር ብሓባር ከም ሓደ ሰብ ቀረጽ ይኸፍሉ።

## ምንጪ ግብሪ / ቀረጽ

ሓደስቲ ናብ ምምሕዳር ከባቢ ዝመጽኡ ወጸእተኛታት: ቀረጽ ብቀጥታ ካብ ደሞዞም: (ምንጪ ኣታዊ ግብሪ: Quellensteuer) ተቖሪጹ ይኽፈል። ንዚ ዝምልከት ምምዝጋብ ብወሃብ ስራሕ ይፍጸም።

- መጠን ብዝሒ ቀረጽ ኣብ መጠን ደሞዝ: ብዓይነት ስድራቤት( ዘይምርዑው/ንጽል: ምርዑው: ዝተፋትሑ/ዝተፈላለዩ): ብብዝሒ ውላድን ይውሰን። ኣብ ኩነታት ስድራ ለውጢ እንተመጺኡ ንምምሕዳር ምሕባር ይግባእ።
- ካብ ክፍሊት ምንጪ ግብሪ: ዝተፈላለዩ ምጉዳል ክግበር ይከኣል። ነዚ ዝምልከት ኣብነት: ናይ ውህለላ 3ይ ዓንዲ ሕቆ/ኣብ ግዜ እርጋን ዋሕስ ዝኸውን/ : ናይ ዕዳ ወለድን ንክቡር ናይ ሕማም መፈወሲ ዝግበር ወጻኢታትን።
- ዝኾነ ንብረት ወይ ትካል (ተንቀሳቓስን ቀዋምን) ዘለዎም ሰባት፡ ብንጹር ክሕብሩን/ክእውጁን ግብሪ ዋኒኖም ክኸፍሉን ኣለዎም።
- ዓመታዊ ኣታዊ ደሞዝ ካብ 120,000 ፍራንክ ንላዕሊ እንተኮይኑ: ናይ ግብሪ መኽፈሊ መብረሂ ተጌሩ: ሓደ ስሩዕ ክፍሊት ግብሪ (ordentliche Besteuerung) ክኸፍል ኣለዎ።
- - ንስዊሳት/ዊ መንበሪ ወረቐት C ወይ ናይ ስዊስ ፓስ( ወረቐት መነነት) ዘለዋ / ዎ ዘተመርዓወ/ት: መብርሂ ስሩዕ ክፍሊት ግብሪ ቅጥዒ (ordentliche Besteuerung) ክመልእ ይግባእ።

ናይ ካንቶን ሰብ መዚ ኣከብቲ ቀረጽ/ግብሪ( (Kantonales Steueramt)) ንምንጪ ክፍሊት ግብሪ/ቀረጽ ዝምልከት ሓበሬታ ይህቡ። እቲ ምሕደራ ገንዘብ/ፊናንስ(Finanzverwaltung) ናይ ምምሕዳር ከባቢ: ንዋኒነ ንብረት/ትካል መብረሂ ክፍሊት ብምሃብ ግብሪ የኽፍል።

## ስሩዕ ኣከፋፍላ ግብሪ / ቀረጽ

ናይ ስዊስ መንበሪ ፍቓድ ሰ ከምኡውን ናይ ስዊስ መንነት ወረቐት ዘለዎም ሰባት: ብስሩዕ ቀረጽ/ግብሪ (ordentliche Besteuerung) ክኸፍሉ ይግባእ። ነዚኦም ክፍሊት ግብሪ ካብ ደሞዞም ብቀጥታ ኣይቑረጾምን ኢዩ። እንታይ ደኣ: ሓደ መብርሂ ክፍሊት ግብር (Steuererklärung) ቅጥዒ መሊኦም ግብሪ ብመኸፈሊ ወረቐት /ቢል ይኸፍሉ። ኣመላልኣ ቅጥዒ ናይ መብርሂ ክፍሊት ግብሪ: ንስዊሳዊያን ውን ከጽተረፈ: ኣዝዩ ዝተሓላለኸን ብቀሊል ዝይርዳእን ኢዩ። ስለዚ ንመጀመርታ ግዜኻ እንተኮይኑ: ነዚ ቅጥዒ ናይ ምምላእ ዝተሓጋገዙ ተምኩሮ ዘለዎም ሰባት ምሕታት የድሊ። ንስሩዕ ዓመታዊ ምኽፋል ግብሪ: ሰበስልጣን ግብሪ/ቀረጽ ናይ ምምሕዳር ከባቢ (Gemeindesteueramt) ሓላፍነት ይወስዱ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hello-aargau.ch/ti/money-and-taxes/taxes

# ዕዳ

ኣብ ዝተወሰነሉ ግዜ: ዝግባእ ክፍሊት ዘይከፍል ሰብ: ናይዚ ኣሉታዊ ሳዕቤን ኣለዎ። ሕጽረት ገንዘብ ኣብ ዘጋጥመሉ ግዜ ንዕዳ ዝምልከት ናይ ምኽሪ ትካላት ብምውካስ ምፍትሒ ክርከብ ይከኣል።

## መጠንቀቕታን ዕዳን

ኣብ እዋኑ ክፍሊት ምስዘይትኸፍል: ቀዳማይን ካልኣይን መጠንቀቕታ (Mahnung) ይመጽኣካ።እቶም እኽፈልቲ ነዚ ምስዘይክበር: ናብ ናይ ዕዳ መዝገብ (Betreibung) ነቲ ዕዳ ክልእክዎ ይኽእሉ። ኣብዚ ኩነት ዚ: እቲ ዕዳ ዘለዎ ሰብ ካብ ሰብ መዚ ምቁጽጻር ዕዳ (Betreibungsamt) ክፈል ዝብል ናይ ዕዳ ወረቐት ይመጽኦ። ምስዚ ከኣ ናይ ምሕደራን: ወለድን ክፍሊት ተወሳኺ ኮይኖም ይመጽኡ። ነዚ ናይ ሰብ መዚ ናይ ዕዳ ምኽፋል መጸዋዕቲ ዘይስምዕ: ንመሰላት ዝምልከት መቕጻዕቲ (Rechtsvorschlag) ብዝምልከቶም ኣካላት ሰበስልጣን ምኽፋል ዕዳ ይግደድ። መጠንቀቕታ: እዚ ጉዳይ ኣብ ደሞዝን ኣብ ንብረትን ምህጋር/ ምውሳድ ከምርሕ ይኽእል። ብተወሳኺ እዚ ዕዳ ኣብ ናይ ዕዳ መዝገብ (Betreibungsregister) ይምልከት: ይምዝገብ (ዋላውን ኣብ መጨረሽታ እቲ ዕዳ ተኸፊሉ እንተኮነ)። እዚ ገዛ ክራይ ኣብ ትደልየሉ እዋን ዓቢ ዕንቅፋት ይከውን።

## ዕዳ

ናይ ገንዘብ ጸገም ወይ ዕዳ ዘለዎ ሰብ: ኣብ ናይ ዕዳ ኣማኽርቲ ትካል (Schuldenberatungsstelle) ክውከስ ይኽእል። ኣብኡ ዝኾነ ሰብ ሓገዝ ይረክብ። ክኢላታት ናይዚ መዳይ ነቲ ዕዳ ምስቲ ተዓዳዪ ብሓባር ኮይኖም ኩነታት የጽንዑ: መፍትሒ ከኣ ይረኽቡ። ትካል ሓገዝ ካሪታስ Caritas ሓደ ቁልጡፍ ፍታሕ ወይ ምኽሪ ብተሌፎን "SOS-Schulden" Beratungs-Hotline, ብቁጽሪ ተሌፎን 0800 708 708 (ብነጻ ዘይክፈሎ) ፍታሕ የናዲ። ኣገዳሲ እንተኮይኑ ናብ ካልእ ትካል ምኻድ ይከኣል። ብኢንተርኔት ጠቓሚ ሓበሬታ ብዝተፈላለየ ቛንቛ ካብ ካሪታስ ናይ ዕዳ ኣማኽርቲ ክርከብ ይከእል።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hello-aargau.ch/ti/money-and-taxes/debt

KANTON AARGAU

hallo — aargau.ch

# ብውሑድ ገንዘብ ምንባር

ናብራ ስዊስ ብተዛማዲ ክቡር ኢዩ። በዚ ምኽንያት ካልኦት ሰባት ዝተጠቀምሉ ንብረት ምግዛእ ዘዋጽእ ኮይኑ ይርከብ። ሕጽረት ገንዘብ ዘለዎ ሰብ ካብ ፍሉያት ዱኳናት ብሕሱር ንብረት ምግዛእ ይከኣል።

## ሓራጅ / ዘገልገለ / ሓዲሽ ዘይኮነ ንብረት

ኣብ ስዊስ ብዙሓት ናይ ሓራጅ መኽዘናት (Brockenhäuser) ኣለዉ። ኣብዚኦም ሓራጅ ንብረት ብሕሱር ዋጋ ምግዛእ ይከኣል። ኣብ ገለ ፍሉያት ቦታታት ውልቀ ሰባት ሓራጅ ንብረት ንመሸጣ የቕርቡ። ንኣብነት ናይ ገዛውቲ ዕዳጋ: ናይ ቆልዑ ንብረት መሸጣ: ናይ በረድ ስፖርቲ መሳርሒ መሸጣ ወዘተ… ብተወሳኺ ናይ ኢንተርነት ባብ ንምሻጥን ምግዛእን ናይ ሓራጅ ንብረት ኣዝዮም ህቡባት እዮም።

## ስፖርቲ / ባህሊ / ስልጠና

ብናይ ባህላዊ ሌጊ Kulturlegi-Ausweis / መንነት ወረቐት: ብውሑድ ገንዘብ: ናይ ስፖርቲ:- ናይ ባህሊናይ ስልጠናን ንብረት/ክዳውንቲ ምግዛእ ይከኣል። እዛ ካርድዚኣ ካብ ካሪታስ ሓቲትካ ክትወሃብ ይከእል። ካሪታስ ብዛዕባዚ ሓብሬታ ይህብን መን ነዚ ኩልቱርሌጊ ናይ ምውሃብ መሰል/ግቡእ ከምዘለዎ የረጋግጽ።

## ናይ ካሪታስ ዕዳጋ

ውሑድ ገንዘብ ዘለዎም ሰባት ንመዓልታዊ ሂወቶም ዘድልዮም ኣስቤዛን ናይ መግቢ ኣቑሑን ካብ ናይ ካሪታስ ድኳን (Caritas Markt) ብሕሱር ዋጋ ክገዝኡ ይኽእሉ። ነዚ ግን ሓደ ፍሉይ ካርድ ካብ ካሪታስ ዝወሃብ የድልዮ። ካሪታስ ብዛዕባዚ ካርድ ይሕብርን: መን እዚ ካርድ ክወሃብ ከምዝግባእ ይረጋግጽ። ኣብ ዞባታት ባደንን ኣብ ኦልተንን እዘን ናይ ካሪታስ ድኳናት ይርከባ። ናይ ሕራጅ ክዳውንት ድኳን ከእ ኣብ ኣራው ኣሎ። ኣብዚ ንምግዛእ ግን ፍሉይ ካርድ ኣየድልን ኢዩ።

## ናይ መንግስቲ ሓገዝ

ውሑድ ገንዘብ ዘለዎ ሰብ: ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት: ናይ መንግስቲ ሓገዝ ይወሃቦ። ነዚ ሓገዝ ዝምልከት ንኣብነት: ምሕሳር ዋጋ ናይ መሰረታዊ ናይ ጥዕና ውሕስነት/ድሕነት ክፍሊት: ንወለዲ ዝግበር ጎናኣዊ ሓገዝ: ወይ ወፈያታት ንትምህርቲ ክወሃቡ ይከኣል። ኣብ ዝተፈልጡ ናይ ዕድመ ገደብ ንሰባት ብመንገዲ ማሕበራዊ ድሕነት ወይ ካብ ማሕበራዊ ሓገዝ: ገንዘብ ክወሃብ ይከኣል።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hello-aargau.ch/ti/money-and-taxes/living-with-little-money